# ኣሉታዊ ውሳነ ናይ ዑቕባ እንተረኺብኩም ክትወስዱዎም ዘለኩም ስጉምትታት

**እዚ ጽሑፍ`ዚ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል፡ ኣብ ዝቕጽል ስጉምትታት ንምምኻር ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ፡**

1. ይግባይ ምቕራብ
2. ካብ መንበሪኹም ምውጻእ
3. ካልኦት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራት
4. ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት

REFUGEE WELCOME PROGRAMME
DOING THINGS DIFFERENTLY FOR GREATER MANCHESTER

GMCA GREATER MANCHESTER COMBINED AUTHORITY

October 2024

ኣብ ሕቶ ዕቑባኹም ኣሉታዊ ውሳነ ማለት፡ እቲ ናይ ዑቕባ መመልከቲ ብሆም ኦፊስ ተነጺጉ ማለት እዩ።

## ይግባይ ምቕራብ

- መጀመርታ **ይግባይ ናይ ምቕራብ መሰል እንተሎኩም** ንምፍላጥ **ምስ ጠበቓኹም** ወይ ሕጋዊ ወኪልኩም ተራኸቡ። ጠበቓ እንተዘይብልኩም፡ ኣብቲ 'ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት' ዝብል ክፍሊ ርኣዩ ወይ ድማ ኣማኻሪ ሕጋዊ ሓገዝ ኣብዚ ርኸቡ፡ **https://find-legal-advice.justice.gov.uk/**

- ይግባይ እንተደኣ ኣቕሪብኩም (ወይ ኣብ መስርሕ ምቕራብ እንተሃሊኹም) ገፍ **ዑቕባን መንበሪን** ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም – ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ንማይግራንት ሀልፕ ተወከሱ።

- ሆም ኦፊስ ናይ 'ይግባይ መሰላት ከምዝተጸንቐቐ' እንተደኣ ገሊጾም፡ እንታይ ዓይነት ኣማራጺታት ክህሉዉ ከም ዝኽእሉ ንምፍላጥ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትቱ ይግባእ።

- ብዛዕባ ይግባይ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መሳርሒ መሰል ምጽናሕ – **www.righttoremain.org.uk/toolkit** ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካብ መንበሪኹም ምውጻእ

- **ይግባይ እንተዘይልኩም፣** ካብ`ቲ ናይ ውሳነ ዕለት ጀሚሩ ካብ መንበሪኹም ክትወጹ 21 መዓልታት ክህልወኩም እዩ። ናይ ዑቕባ ደገፍኩም ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ክውዳእ እዩ።

- ኣብ **ደገፍ ሴክሽን** 4 እንተሃሊኹምን ኣሉታዊ ውሳነ እንተረኺብኩምን፡ ናይ ዑቕባ ደገፍ ቅድሚ ምዝዛሙ 14 መዓልታት ይህልወኩም።

- ብሴርኮ **እንተወሓደ ናይ 7 መዓልታት ምልክታ ንምቁራጽ** ክወሃብ ኣለዎ። ትሕቲ 7 መዓልቲ ዝህብ ምልክታ እንተመጺኡኩም፡ ንማይግራንት ሀልፕ ተወከሱ።

## ልኡት ኣገደስቲ ነጥብታት

1. **ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ምስ እትደልዩ፡** ብመንገዲ ናይ ሆም ኦፊስ ኣገልግሎት ወለንታዊ ምምላስ (0300 004 0202) ሓገዝ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ትካላት ክትዘራረቡ ወይ ድማ መጀመርታ ብዛዕባ እዚ ሕጋዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ይግባእ።

2. **ካብ ዩኬ ንኸይትወጽኡ ዕንቅፋት እንተሃልዩኩም፣** ከም ጸገማት ጥዕና፡ ስድራቤታዊ ምትእስሳር፡ ወይ ንሓድሽ ጠለብ ዑቕባ ትዳለዉ እንተለኹም፡ ንደገፍ ዑቕባ (ደገፍ ሰክሽን 4) ብቑዕ ምዃንኩም ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም። ካብዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ትካላት ንሓንቲ ርኸቡ።

3. ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም **ህጻናት እንተሃልዮምኹም፡** እቲ ናይ ዑቕባ ደገፍኩምን መንበሪኹምን ክሳብ እቲ ዝነኣሰ ውላድኩም 18 ዓመት ዝመልእ ክቕጽል ኣለዎ። ህጻናት እንተሃልዮምኩም ግን ከኣ ካብ መንበሪኹም ውጹ እንተተባሂልኩም፡ ንማይግራንት ሀልፕ ተወከሱ።

4. **ብሰንኪ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ወይ ሕማም ተወሳኺ ክንክንን ደገፍን ዘድልየኩም እኹል ሰብ እንተኼንኩም፡** ክድግፉኹም ስለ ዝኽእሉ ንምምሕዳር ከባቢኹም ርኸቡ። ተወሳኺ ምኽሪ ምስ እትደልዩ፡ ንሓንቲ ካብዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ትካላት ተወከሱ።

## ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት

**ማይግራንት ሀልፕ**
መራኸቢ፡
0808 8010 503

**ግሬተር ማንቸስተር
ኢሚግሬሽን
ኤድ ዩኒት (ጂኤምኣይኤዩ)**
ደገፍን ምኽርን ከመይ ጌርኩም ይግባይ ከምተቕርቡ።

# ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት

**ረፊውጂ ኣክሽን ኣሳይለም**
**ክራይሰስ ሰርቪስ**
ደገፍ ከመይ ይግባይ ከምተቕርቡ ወይ ክንክንን ደገፍን ዘድልየኩም እኹል ሰብ እንተኼንኩም።

**ረስትሪክትድ ኢሊጂቢሊቲ ሰፖርት ሰርቪስ**
ኣብ ሓደጋ ገዛ-ኣልቦነት እንተለኹም።

ካልኦት ደገፍ፣ ምኽርን ምጽንናዕን ዝህቡ ናይ ከባቢ ትካላት ንምርካብ ንኮምፓሲ ንምኽፋት ናይ ሰልክኹም ካሜራ ናብዚ ኪው ኣር ኮድ ኣመልክቱ።

**ስካን ግበሩ**